# ውክልና ላዛ፤ ጠለብ ክብሪይ ፖለቲካ ዂራይ ኣብ ትግራይ

## ላዛ መቐለ መማእኸሊ ፅሕፈት ስርዓተ-ትምህርቲ ምግባር ሃም መፍትሒ

*ኣብ ክለሳ ሓዱሽ ስርዓተ-ትምህርቲ (ካሪኩለም) ትግራይ ጠመተ ክወሃቦ ልቐረበ*

*ፃውዒት መንቀሊ ሓሳብ*

**መሓሪ ኻሕሳይ**

**መጋቢት 30፤ 2016 ዓም**

# ትሕዝቶ


መእተዊ ..... 3

ራያ ሃም ኣብነት ..... 4

ምቕባል ባህሊይ ላዛይ ርእሰ ከተማ ..... 5

ብዙሓት ቋንቋታት ዓለም ክጠፍኡ እዮም ..... 5

መቐለ ባዕላ ስሚዒት ወሰንነት 'ኒሄዋ ..... 5

ነዚ ልፈጠረ ታሪኻዊ ከይዲ ..... 6

መቐለ ማእኸል ልገበረ ባህሊ ምፍጣር ለለዎ ረብሓ ..... 6

ኣብ ክለሳ እቲ ሓዱሽ  ካሪኩለም ንላዛ መቐለ ትኹረት ምሃብ ለለዎ ፋይዳ ..... 7

ሃም መደምደምታ ..... 8

## *መእተዊ*

እዚ ፅሑፍ፡ ብዝሓ ላዛታት ትግራይ ልሓቂፍ ምእኹል ቋንቋ ንምፍጣር፡ ኹሎም ላዛታት ትግራይ ኣማእኺልኻ ልህነፅ ስሙር ውክልና ባህሊ ንምምልኻት እተፅሓፈ ፅሑፍ እዩ። ኣብ ትግራይ ለሎ ልተሓላለኸ ውክልና ባህሊይ ብዙሕነት ላዛይ ልምድህሳስ ዓሊሙ፡ ንኹሉ ልሓቁፍ ውክልና ልምፅባይይ ባህላዊ ሃብቲ ተጋሩ ልምኽባርይ ይሕግዙ እዮም ተባሂሎም እተሓሰቡ መፍትሒታት ለቕርብ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ነዊሕ ዘመን ለቐፀረ ዕጉምጉምታ ነይሩዎ። ብቋንቋይ ኣይተዳነኹይ፣ ብቋንቋይ ኣይተምሃርኹይ ልብል ኢሕታ። እዚ ኢሕታ ምስ ኻልኦት ደረኽቲ ምኽንያታት ተሓዊሱ ብሄራዊ ቓልሲ ወሊዑ። ዳርጋ መላእ ህዝቢ ትግራይ ብሓባር ለስመረይ ዓሰርተታት ኣሻሕ ህይወት ተጋሩ ልተኸፈለሉይ ቓልሲ። ድሕሪ 17 መረርቲ ዓመታት ብዓወት ተኸምቢቱ። ስርዓት ደርጊ ፈሪሱ። ፀሓይ ኣሃዳዊት ኢትዮጵያ ዓሪባ ተባሂሉ።

*ድሕሪ ምፍራስ ስርዓት ደርጊ፡ ቋንቋ ትግርኛ መምሃሪይ ወግዓዊይ ቋንቋ ትግራይ ኾይኑ ተቐልቂሉ። እዚ ለውጢ፡ ነዊሕ ዘበን ለቐፀረ እሕሕታ ተጋሩ ልመለሰይ ስምዒት ብሄራዊ ፍናን ልፈጠረይ ዋላኳ እንተነበረ፡ ቅድሚ እዚ ዘበን ተላዒሎም ለይፈልጡ ሓደሽቲ ሕቶታት ንክለዓሉ 'ውን ምኽንያት ኾይኑ እዩ። ኣብቲ ልፍጠር ለሎ ብሄራዊ ምልክት፡ ግቡእ ውክልና ኣየግነናይ ልብሉ ኹራታት ክለዓሉ ጀሚሮም። ህንፀት እቲ ብሄር፡ ባህላዊ ክብርታትናይ ላዛታትናይ ብልሓውስ መንገዲ ኣይተሰርሐይ፤ ልብል ወግዒ ልሙድ ኾይኑ።*

እዚ ስምዒት እዚ፡ ገለ ኽፋላት ህዝቢ ፍሉይ ባህላዊ መንነቶም፡ ኣብቲ ዓብላሊ ብሄራዊ መልክዕ፡ ብእኹል መልክው ሃምለይተንፀባረቐ ስለተሰምዖም፡ ጥሉቕ ሕርቃን ሰሪቱ። ካብቶም ተገሊልና ኢና ልብሉ ክፍላተ ማሕበረሰብ ልወፁ ልሂቃን፡ ፍኑውነት ማሕበራዊ ሚድያ ተበሊፆም ቅርትኦም ለንፀባርቕሉ ዕድል ኣግንዮም። ባህላዊ ውክልና ከባቢታት ትግራይ ኣብ ሕቶ ኣትዩ፡ ልብሉ ድምፅታት ብምቕልቃሎም፡ ውሽጢ ውሽጡ ክብላዕላው ልፀንሑ ሰፋሕቲ ዝንባለታት ባህላዊ ምግላልይ ተነፅሎይ ክንፀባረቑ ጀሚሮም።

ኣብ ልሓለፉ ዓመታት፡ እዚ ጉዳይ ናብ ዓብዪ ፖለቲካዊ ውራይ ተለዊጡ። ስልጣን፣ ከባቢይ ትውልዲ ዓዲይ ሓላሊኽኻይ ሓዋዊስኻይ ምትንታን ፋሽን ፖለቲካ ትግራይ ኾይኑ። ኣብ ምዝባዕይ ምድኻምይ ትግራይ ረብሓ ለለዎም ናይ ደገ ሓይልታት፡ ነዚ ቅሬታታት መዝሚዞም ለይምስምማዕ ክዘርኡይ ሓድነት እቲ ክልል ከዳኽሙይ ብገንዘብይ ብተረኽይ ሓጊዞሞ።

ኣብ ልዕሊ ስርዓት ሊበራሊዝም ብዛዕባ ለንፀላለወ ሓደጋ ኣተኲሩ ***"መንነት፡ ጠለብ ክብርይ ፖለቲካ ኹራይ/Identity: The Demand for Dignity and the Politics of Resentment*** እትብል መፅሓፍ ፉኩያማ፡ ኣብ ምእዘና ፅሑፍና ክትሕግዘና እያ። እዛ መፅሓፍ፡ ግቡእ ውክልና ኣይረኸብኹይ ልብል ኹራ፡ ብኸመይ ናብ ዓሚቕ ፖለቲካዊ ምፍልላይ ሃም ለምርሕይ፡ እዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ልኸይድ ለሎ ፀገም ንምቅላል እንታይ ክንገብር ሃም እንኽእልይ ሓሳባት ትህብ።

እታ መፅሓፍ፡ ኣብ ውሽጢ ድሌት ርእሰ-ዋጋና ለሎ ባህርያዊ ተጋራጫውነት ለማእኸለት እያ። ውሽጣዊ ነብሲ ወዲ-ሰብ ኣብ ድልየት ክብሪ እተመስረተ፣ ክብሪይ ኣፍልጦይ ልምነይ እዩ ኢሉ ይጅምር። ሃም ደቂ ሰባት መጠን፡ ካብ ኻልኦት ክብርይ ኣፍልጦይ ንብህግ ኢና። እዚ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ደቂሰባት እዩ፤ ልብል ፉኩያማ ንዕኡ ንምግላፅ "***Thymos***" ልብል ቓል ግሪኽ ይጥቀም። Thymos ብዛዕባ ክብርናይ ዋጋናይ ካብ ኻልኦት ኣወንታዊ ፍርዲ ክረክብ ልናፍቕ ፍሉይ ክፋል ነፍስና እዩ ።

ካብቶም ኣብ ከባቢና ለለዉ ሰባት፡ ብዛዕባ ዋጋና ኣወንታዊ ፍርዲ እንተድኣ ተቐቢልና፡ ሕጉሳትይ ዋጋ ሃም ለለናይ ኾይኑ ክስምዓና ይገብር። ሃምኡ ኣብ ለይኾነሉ እዋን፡ ትሑት ዋጋ ወይ ሕፍረት ሃም ልስምዓና ይገብረና።

መንነት፡ ካብ መንነታዊ ፖለቲካ ክንፀል ለይኽእል እዩ ልብል ፉኩያማ፡ ሓደ ሰብ መንነቱ ኽቡርይ ቅኑዕይ ኾይኑ ንክስምዖ፡ ኻልኦት ዋጋ ክህብዎይ ኣፍልጦ ክህብዎይ ኣለዎም ይብል። ፉኩያማ ንፈላስፋ ሄግል ብምጥቃስ፡ ቓልሲ ኣፍልጦ ንኹሉ ታሪኽ ወዲ ሰብ ልፀለወ ቓልሲ ሃምልኾነ ይምጉት። ፉኩያማ ናይ ፕላቶ ስራሕ ልኾነት ሪፓብሊክ ብምውካስ፡ ንመንነታዊ ፖለቲካይ ለይርትዓዊ ወይ ለይተገመተ ልበሃል ባህርያትይ ንምግላፅ "***ሳልሳይ ክፋል ነፍሲ***" ልብል ሓሳብ የምፅእ።

ፉኩያማ ንፖለቲካ መንነት ከም ሓደ ዘይሻራዊ መስርሕ ገይሩ እንትገልፆ፣ ውፅኢቱ ልዕቀን ኣብ ትርጉምይ ኣተገባብራይ እዩ ይብል። ድሕሪ ቑጠባዊ ዘመናዊነት፡ ፖለቲካ መንነት ንዳይናሚክስ ፖለቲካ ዓለም ሃም ልቐረፀይ፡ እዚ ድማ ወያነታት ብምፍጣርይ ዲሞክራሲ ብምንቕቓሕይ፡ ሲቪላዊ መሰላትይ ምንቅስቓሳት ማሕበራዊ ፍትሕይ ሃም ልቐረፀ የቕርብ። በዞም መንገድታት እዚኦም፡ ፖለቲካ መንነት ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ፖለቲካ ኣዝዩ ኣወንታዊ ሓይሊ ኾይኑ እዩ ይብል።

ሰባት ብመሰረት ልተኣማመኑሎም ክብርታት ምምራፅ ሓዲጎም፡ ከባብያዊ መንነቶምይ እምነቶምይ እንተድኣ ኣብሊያም ድማ፡ ዲሞክራሲ ስርሑ ከቋርፅ  እዩ ኢሉ ስግኣቱ የቐምጥ። ናብ ከባቢያዊ ፖለቲካ ልግበር ምዝንባል፡ ብሄራት ናብ ዝቀናንኣ ቀቢላታት ብምክፍፋል ሕብረተሰባዊ ምብትታን ከየስዕብ የፍርሕ ይብል።

## ራያ ሃም ኣብነት

ኣብ ራያ ፍሉይ ባህላዊ መንነት እቲ ከባቢ፡ ኣብቲ ዓብላሊ ብሄራዊ መልክፅ ብእኹል መልክዑ  ኣይተንፀባረቐይ ልብሉ ቅርታታት፡ ነዊሕ ዘበን ኣቑፂሮም እዮም። ግቡእ ባህላዊ ውክልና ኣየግነናይ ልብል ስምዒት ተሓዊሱዎ ጥሉቕ ሕርቃን ሰሪቱልና ብልብሉ ተቓውሞታት እላተገንሐ ልመፀ ምንቅስቓስ እውን ኣሎ።

እዚ ፅሑፍ እንተዳሉ ልሓተትኹዎ ሓደ ወዲ እቲ ከባቢ፡ "ካብ ባህላዊ ሕመረት እቲ ብሄር ብግዲ ተደፊእና ኢና፡ ኣብ ሊሂቅ ክፍሊ እቲ ብሄር ባህልታትይ መግለፂታትይ ህዝቢ ራያ ናተይ እዩ ኢልኻ ናይ ለይምቕባል ጋእጋእታ ኣሎ" ይብል። ኣብ ደቡብ ትግራይ ልዝውተር ባህላዊ ደርፊ "ጉማየ"ይ ኣብ ምብራቕ ትግራይ ልድመፅ "ማሰ"ይ ኣነፃፂሩ እንተቐርብ፡ "ጉማየ ኾነ ተባሂሉ ተደፊኡ እዩ" ይብል። ብመንግስቲ ልውነና ሚድያታት ልጉማየ ባህላዊ ሙዚቃ ራያ ኢለን ከቕርብኦ 'ተለዋ ልማሰ ግን  ባህላዊ ሙዚቃ ትግራይ  ኢለን ሃም ለፋልጥኦ ይዛረብ። እቲ ወዲ ውስኽ ኣቢሉ "ኣብዚ ዓመት ልተሳለጠ ሽልማት ኪነ-ያሬድ፡ ካብ ራያ ንልመፀ ደራፊ ተሸላሚ ከባቢያዊ ሙዚቃ ገይሩ ብምቕራብ፡ ካብ ማእኸልነት ባህሊ እቲ ብሄር ምድፍኡ፡ ሃንደበት ልተፈጠረ ጌጋ ለይኾነስ ሱር ልሰደደ ኣተሓሳስባ ልሂቃን ትግራይ እዩ" ይብል።

መቐለ ናብ ሰሜን ትጥምተሉ ኣጠማምታ ጥዕና ልጎደሎ እዩ ዝብል መርገፂ ለሎዎ እዚ ወዲ  "ብሰሜን ገፅ ብኣማኢቲ ኪሎሜትር እትርሕቕ ከተማ ሰገነይቲ፡ ካብታ ናብ ደቡብ ገፅ ብሓሙሽተ ኪሎሜትር  ትርሕቕ ከተማ መረ-ሚእቲ፡ ንልሂቃን መቐለ ልሐሸ መንፈሳዊ ቕርበት ኣለዋ" ይብል።

እዚ ቅርታ፡ በቲ ዓንተዎ ካብ መፅሓፍ ፉኩያማ ተወኪስና እናገለፅናዮ ልፀናሕና ባህሪ Thymos  ምርዳእ  ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ።  ምኽንያቱ፡ እቶም ኣፍልጦ ንምርካብ ልቃለሱ ፍሉያት ጉጅለታት፡ ውፅኢት ፅዕንቶ እዚ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ እዮም።

***Isothymia*** ማለት፡ መንነትኻ ኣብ ከባቢኻ ብለለዉ ሰባት ማዕረ ኹሉ ሰብ ምኻኑ ኣፍልጦ ንክወሃቦ ምድላይ እዩ። ***Megalothymia*** ግን፡ መንነትኻ ካብ ኻልኦት ልሓሸ፡ ወይ ሓለፉ ልግብኦ እዩ፡ ተባሂሉ ኣፍልጦ ክወሃቦ ምድላይ እዩ። ውስኽ ኣቢሉ ድማ፡ እቲ ሐዚ ለለናሉ ዘመናዊ ዲሞክራሲ፡ ንMegalothymia ብIsothymia ልተተክኣሉ እዩ፡ ይብል ፉኩያማ።

ሰባት ዋጋና ክፈልጡን ክኽብሩናን  ንደሊ ኢና፡ ልብል ፉኩያማ፡ ኣይተኸበርኩይ ልብል ሓሳብ  እንትህሉ ኹላትና ፅንፊ ክንሕዝ ይገብረና እዩ። እቲ ንነዊሕ እዋናት ልፀንሐ ባህለይይ ላዛይይ ኣይተኸበረይ ልብል ዕጉምጉምታ፡ ብዓውታይ ሕሹኽሸኽታይ ኣብ ራያ ቐፂሉ። ቅድሚ ዝተወሰኑ ዓመታት፡ ሓውሲ ፖለቲካዊ ቕርፂ ምሓዝ ልጀመረ እዚ ምንቅስቓስ፡ ፈለማ ኣብ ወሰና ወሰንይ ጫፍ ዶባትይ ጥራሕ ልተወሰነ ነይሩ።

ካብ ቐረባ ግዘ ላብዚ ግን፡ እቲ ተበዲለ እየ ልብል ዛንታ ዓብላሊ ስሚዒት እቲ ከባቢ እናኾነ ይመፅእ ኣሎ፡ ሽፋን ዝርገሐኡ 'ውን ሰፊሑ ይርከብ። እቲ ሕቶ እውን፡ ላዛናይ ባህልናይ ብግቡእ ኣይተወከለይ ካብ ልብል ሕቶ ተበጊሱ፡ ቋንቋናይ ባህልናይ ልተፈለየ እዩ ናብ ልብል ተነፃላይነት ክብ ክብል ኽኢሉ እዩ። እዚ ነገር  ምስቲ ልግበኣኒ ኽብሪ ኣይረኸብኹይ ብዝብል ቂምታ፡ ኣብ ገጠራት እንግሊዝ ልነብሩ መረፅቲ፡  ኣብ ሪፈረንደም ኣውሮፓ፡ ንዘመናዊ ኣውሮፓ ነፂጎም ልመረፅሉ ኹነታት ክነፃፀር ልኽእል እዩ።

ርእሰ ከተማ እቲ ብሄር ሃም መቐለጢት  ቋንቋ፣ ባህላዊ ብዙሕነትይ ተጋሩ ገይርኻ ብምጉላህ፤ ኣብ ምዕባይ ሓድነት፣ባህላዊ ምልውዋጥ፣ ልኹሉ ልሓቁፍ ባህሊ  ኣብ ምፍጣርይ፡ ነዚ ፀገም ኣብ ምፍታሕይ ዓብዩ ተራ ኣለዋ፡ ልብሉ ሓሳባት ድማ፡ ካብ ቐረባ ግዘ ናብዚ ክስምዑ ጀሚሮም ኣለው።

# ምቕባል ባህሊይ ላዛይ ርእሰ ከተማ

ሙሁራን ማሕበራዊ-ስነልሳን፡ ኣብ ውሽጢ ሜትሮፖሊታን ንዘሎ ብዙሕነት ላዛ ኣፍልጦ ይህቡ። ርእሰ ከተማ ሓንቲ ዓዲ፡ ልተፈላለዩ ቋንቋዊይ ባህላዊይ መግለፂታት ልራኸብላ ***መቕለጢት ድስቲ*(Melting Pot)** ኾይና ተገልግል ይብሉ። በዚ ኣቢላ ድማ፡ ነቲ ብዙሕ ባህላዊ ትሕዝቶ እቲ ዞባ ዘንፀባርቕ ሓበራዊ ላዛ ከምትፈጥር ይዛረቡ።

ነዚ ኣብ ርእሰ ከተማ ተቐሚሙ እተሰርሐ ላዛ፡ ኣብ ትምህርቲ ብምልላይን ብምስፋሕን፡ ተማሃሮ ቋንቋዊ ውርሻኦም ንኸሓቑፉ፣ ስምዒት ባህላዊ ሓበንይ መንነትይ ከዕብዩ ይከኣል።

ላብ ኩነታት ትግራይ ክንመፅእ 'ተለና፡ ካብ ኹሎም ላዛታት ተወፃፂኡ እተሰርሐ ላዛ መቕለ፡ ልተፈላለዩ ላዛታት ክስምዑሉ ልኽእልሉ መድረኻት ልህብ እዩ። ካብ ልተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ልመፁ ውልቀሰባት፡ ምስ ሱር መበቆሎም ስሚዒት ምትእስሳር ክስምዖም ይገብር። ካብ ኩሉ ከባቢ ዝመፀ ትግራዋይ፡ በዓል-ቤትነትን ዋንነትን እቱ ልፍጠር ምእኹል ቋንቋ ክስምዖ ይገብር። እዚ ድማ ልሓየለይ ልበርተዐይ ስሚዒት ሕብረተሰባዊ ሓድነት የዕቢ።

ከተማነትይ ስደትይ ንብዙሕነት ቋንቋታት ዓለም ዓቢ ሓደጋ ኣብ ዘስዕበሉ እዋን፡ ካብ ማእኸል ከተማ ልረሓቑ ላዛታት ከም ወግዓዊ ላዛታት ሒዝኻ እንተቐፂልኻ፡ ምስቲ ናይ ከተማ ላዛ ብልፈጥርዎ ጎንፂ ብኻልኦት ዓብለልቲ ቋንቋታት ዓለም ተዋሒጦም ምጥፍኦም ለይቓሪ እዩ።

# ብዙሓት ቋንቋታት ዓለም ክጠፍኡ እዮም

ኣብ ልመፅእ ቐረባ ግዘ ብዛዕባ ክጠፍኡ ልኽእሉ ብዙሓት ቋንቋታትይ ልፈጥሮ ፅልዋይ ኣመልኪቱ ብዙሓት መፅናዕቲ ተኻይዶም እዮም። ሓደ ካብቶም ፍሉጣት መፅናዕትታት ዝኾነ፡ ብትካል ዩኔስኮ ዝተፀንዐ ***Atlas of the World's Languages in Danger*** እዩ። እዚ መፅናዕቲ፡ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ሓደጋ ኣብ ልርከቡ ልተፈላለዩ ቋንቋታት ሰፊሕ ሓፈሻዊ ትንታነ ልህብ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣትላስ እዚ፡ ርኡይ ቑፅሪ ለለዎም ቋንቋታት 'ተይተረፈ፡ ኣብ ልቕፅሉ ዓሰርተታት ዓመታት ናይ ምጥፋእ ሓደጋ ኣለዎም ይብል።

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያት ምጥፋእ ቋንቋታት፡ ዓለምለኻውነት፣ ሰፊሕ ኣጠቓቕማ ኢንተርነትይ ምስፍሕፋሕ ማሕበራዊ መራኸቢታትይ ብውሑዳት ዓብለልቲ ቋንቋታት ርክብ ንክፍፀም፡ ኣመቻቺዩ ልብል እዩ። እዚ ድማ፡ ሰባት ዶባት ልሽገረ ምርድዳእ ክገብሩ ስለልደልዩ፡ ኣናእሽተ ቋንቋታት ምጥቃም ክሓድጉዎ ገይሩ እዩ። ሃም እንግሊዝኛ፣ ስጳኛን ማንደሪንይ ክዕብልሉ ምኽንያት ይኸውን ኣሎ ድማ ይብል።

እቲ መፅናዕቲ፡ ሃም ሓደ ቀንዲ ምኽንያት ልገለፆ ኻሊእ ነጥቢ፡ ምስፍሕፋሕ ከተማነት እዩ። ሰባት ናብ ከተማታት ብምግዓዝይ መበቆሎዊ ላዛታቶምይ ቋንቋታቶምይ ሓዲጎም፡ ነቲ ዓብላሊ ቋንቋይ ላዛይ ናይቲ ከተማ ንክቕበሉ ገይርዎም እዩ። እዚ ለለናዮ መዋእል፡ ብቑጠባዊይ ማሕበራዊይ ምኽንያታት፡ ብዙሓት ሰባት፡ ዓብለልቲ ቋንቋታት ከተማ ስለልቕበሉ ንኣሽቱ ቋንቋታት ይዳኸሙ። ኣብ መወዳእታ ድማ ይጠፍኡ ኣለዉ ይብል።

ካብ መጀመርትኡ ባህሊ ርእሰ ከተማ ሓፉቕኻ ምፅናሕ፡ ቀፃላይነት እቲ ቋንቋ የረጋግፅ ጥራሕ 'ተይኾነስ፡ ግቡእ ውክልና ኹሎም ከባቢታት ሓንቲ ዓዲ ልክህሉይ ሓድነት ህዝቢ ንምዕባይይ ወሳኒ ስጉምቲ እዩ።

# መቕለ ባዕላ ስሚዒት ወሰንነት 'ኒሄዋ

*ርእሰ ከተማ እቲ ብሄር ልኾነት ከተማ፡ ነቲ ዓብላሊ ባህሊ ትውክል*፡ ልብል ልሙድ ርድኢት ኣሎ። ናብ ኵነታት ትግራይ ንመፅእ እንተለና ግን፡ ፍልይ ብልበለ መልክዑ፡ ርእሰ ከተማ እቲ ብሄር ልኾነት መቕለ፡ ካብ ወግዓዊይ ትምህርታዊይ ላዛ ንባዕላ ተገሊላይ ተጓንያይ እትርከበሉ ፍሉይ ኹነት እዩ። እዚ ኹነታት እዚ ካብቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ልተዓዘብናዮ ንቡር ኵነት ልወፀ እዩ። ኣብ መብዛሕቲኡ ከባቢታት ዓለም ልስማዕ ቅርታ፡ ኣብ ወሰናወሰን ካብ ዝነብሩ ከባቢታት ልለዓል እዩ። ባህሊ ርእሰ ከተማ ዓብላሊ ኾይኑ ስለልወፅእ፡ ካብታ ርእሰ ከተማ ኣዝዮም ልረሓቑ ከባቢታት፡ ልተገለሉ ኾይኑ ክስምዖምይ ቅርታ ከሕድሩይ ይርአ።

ይኹን እምበይ፡ ኣብ ትግራይ ካብ ልተናውሐ ዕጥቓዊ ቓልሲ ልወፀ ገዛኢ ውድብ፣ ኽብርታቱ፣ እምነታቱ፣ ውርሻታቱ ከም ስርዓታዊ ባህሊ ብምፅዓን፡ ዓብላልነት ባህሊ ዕጥቃዊ ቃልሲ እዩ ኣምፂኡ።

## ነዚ ልፈጠረ ታሪኻዊ ከይዲ

ብኣንቶንዮ ግራምሺ ዝቐየመ ክልሰ-ሓሳብ ***ባህላዊ ልዕልና(Cultural Hegemony)*** እንትንወስድ፡ ሓደ ላዛ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክፀዓን ልገብሩ ፖሊሲታት ቋንቋ፡ ለይምዕሩይነት ስልጣን ሃም ለቐፅሉይ ንገለ ባህላዊ ጉጅለታት ክንፀሉ ሃም ልገብሩይ ይነግረና። እዚ ተርእዮ እዚ፡ ብልተፈላለዩ ዓብለልቲ ላዛታት ተዓፊኖም ኣብ ልፀንሑ ኣህዛብ ተራእዩ እዩ። እዚ ድማ ናብ ምዕምፃፅ ላዛታትይ ባህልታትይ ኣምሪሑ እዩ። ኣብ ከም በዓል ፈረንሳይይ ቻይናይ ልኣመሰላ ሃገራት፡ ምዕሩይ ሃገራዊ ቋንቋ ንምፍጣር ዞባዊ ላዛታት ብምዕፋኖም፡ ኣብ ብዙሕነት ላዛይ ባህላዊ ውክልናይ ክትዓት ኣለዓዒሉ እዩ።

ኩነታት ትግራይ እንትንርኢ ግና፡ ብዓይኒ ዕብለላ ባህሊ ካብ ምርኣይ፡ ናብ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ተጋድሎ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ብዕምቆት ምእታው ልሓሽ እዩ።

***ዓብላልነት ባህሊ ዕጥቃዊ ቓልሲ ትግራይ፡*** ካብ ኣመሰራርታ እቲ ቓልሲ ልነቅል እዩ። ኣብቶም ፈለሞት ዓመታት፡ ከባቢ ሰሜን ምዕራብ ትግራይይ ማእኸላይ ትግራይይ፡ ቀንዲ መዓስከር ዕጥቃዊ ቃልሲ ኾይነን ኣገልጊለን እየን። ነቲ ቦታ ብለለዎም ቅርበት ምኽንያት፡ ተወለድቲ እቶም ከባቢታት ልኾኑ መናእሰይ፡ በቲ ቓልሲ ተሳሒቦም ብበዝሒ ይሕወሱ ነይሮም። ከም ውፅኢቱ ድማ፡ ላዛይ ባህሊይ እቲ ከባቢ፡ ዓብላሊ ባህሊ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኾይኑ።

*መፅሄታትይ ጋዜጣታትይ ልሳን እቲ ቓልሲ ንክኾና ምፍራይ እንትጅምራ፡* እዚ ላዛ ብባህርያዊ መገዲ ላዛ ፅሑፍ ኾይኑ። ኣብዚ ክንርስዖ ለይብልና ኣብ *መፈለምታ* ዓመታቱ፡ ብቓልሲ ***ውድባት ኤርትራ*** ምሒር ይፅሎ ዝነበረ ***ተሓሕት፡*** ፅዕንቶ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ሰልፍታት ኤርትራ ዓሪፉዎ እዩ።

መቐለ ድማ ምስቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝፈለመሉ ከባቢ ብልነበራ ርሕቐት፡ ካብቲ ዓብላሊ ባህሊ እቲ ዕጥቃዊ ቓልሲ ፍልይ ልበለ ላዛ ሒዛ ቐፂላ። እቲ ኣብ በረኻ ልነበረ ሓይሊ፡ መንግስቲ ኾይኑ ናብ መቐለ ምስ መፀ እውን፡ እቲ በቲ ልተመስረተሉ ከባቢ ምሒር ልተፀለወ በረኻዊ ባህሉ ሒዙ ብምምፅኡ፡ ምስቲ ኹሎም ባህልታትይ ላዛታትይ ትግራይ ብማዕረ ልውክልሉ ባህሊ መቐለ ኣይተቓደወይ። ሃም ውፅኢቱ ድማ፡ እታ ንልተፈላለዩ ቋንቋዊይ ባህላዊይ ኣገላልፃታት ትግራይ ሃም መቐለጢት ፃሕሊ ኾይና እተገልግል ርእሰ ከተማ መቐለ፡ ናይ ምግላልይ ምንፃልይ ስምዒት ኣጋጢምዋ።

ልተፈላለየ ቋንቋውይ ባህላውይ መግለፂታት ህዝቢ ትግራይ ልሓዘት መቐለ፡ ካብቲ ሕመረት እቲ ባህሊ ክትግለል እንተላ፡ ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳርይ ሓቛፊ መንነት ኣብ ምፍጣርይ ኻሊእ ትርጉም ከትሕዝ ልኽእል ሓደጋ ኣምፂኡ።

ኣብ ታሪኻዊ ረቛሒታት ዝተሰረተ ዕብለላ ባህሊ ዕጥቃዊ ቓልሲ፡ ወግዓዊ ላዛ ስራሕይ ትምህርትይ ኾይኑ ክመፅእ እንተሎ፡ ንኻልኦት ላዛዊ መግለፂታትይ ባህላዊ ውክልናታትይ እውን ዓፊኑ እዩ። ምስ ላዛ ርእሰ ከተማ ክተዓረቕ ብለይ ምኽኣሉ ድማ፡ ቋንቋ ትግርኛ ከይዓቢይ ተሓኒቑ ክተርፍይ በዳሂ ዕማም ኾይኑ ቐፂሉይ ፍልፍል ወጥሪይ ዕጉምጉምታይ ኾይኑይ እዩ።

ባህላዊ ብዙሕነት ትግራይ ምንጪ ሓይሊይ ፅንዓትይ ምኳኑ ብምግንዛብ፡ ሃብታም ቅርሲ ተጋሩ ዶባት ላዛ ጥሒሱ ኣፍልጦ ምሃብይ ምኽባርይ ወሳኒ እዩ። ኣብ ትግራይ፡ ካብ ላዛዊ ብዙሕነትይ ባህላዊ ውክልናይ ልፍጠር ወጥሪ ንምፍታሕ፡ መዳርግቲ ኣካላት ልተፈላለዩ ባህላዊ መግለፂታት ንምኽባርይ ንምሕፋቕይ፡ ኣብ ትርጉም ለለዎ መፅናዕቲይ ዘተይ ክዋፈሩ ኣለዎም። ካብዞም መፍትሒታት ሓደ ድማ ከተማዊ ባህሊ ተቐቢልኻ ምኻድ እዩ።

*መቐለ፡ ምሳሌያዊይ ኣካላዊይ ማእኸል ህዝቢ ብምኳና፡ ሃም ውክልና ናይቲ ብዙሕ ባህላዊ መግለፂ ኾይና ከተገልግል ይግባኣ።*

## መቐለ ማእኸል ልገበረ ባህሊ ምፍጣር ለለዎ ረብሓ

መቐለ ካብ ኹሉ ኹርናዓት ትግራይ ልመፁ ሰባት፡ ነናይ ባዕሎም ባህልይ ላዛይ ሒዞም ብምምፃእ ልቀራረቡላ መሕቐቒት ላዛታት እያ። ***ላዛ መቐለ ክንብል እንተለና ኣብ ቐረባ ርሕቐት ከተማ መቐለ ልንገር ላዛ ገጠራት እንደርታ ማለት ለይኾነስ፤ ካብዞም ልጠቓሰናዮም ባህላዊ ምልውዋጥ ልቕዳሕ፣ ካብ መላእ ትግራይ ንልመፁ ልተፈላለዩ ላዛዊይ ባህላዊይ መግለፂታት ልውክል ከተማዊ ላዛ ማለትና እዩ።*** ላዛ መቐለ ክንብል እንተላና እዞም ራያታይ ሰብኣይ ብዕራይ ክሸጡ፣ እዞም እንደርተዋይ ንቖልዓ ሰበይቲ ኢሎም ክሽቅጡ፣ እዞም ዓጋመተይ ዱንኳን ኻፊቶም ላሸጡ፣ እዘን ወልቀተይቲ ጥርዓን ከቕርባ፣ እዘን ዓድወተይቲ ሓራስ ጓለን ከዋልዳ … ላብ መቐለ መፂኦም ተኣኪቦም እንተዋግዑ ልፈጠርዎ ላዛ እዩ።

እዛ ዛዕባ እዚኣ ኣልዒልና ምስ መሓዙተይ ሻሂ እላሰተና እንትነዕልል ***ኣቤል ፅጋቡ*** ልበሃል መሓዛይ ሃምዚ ኢሉ። ***"ቴድሮስ ጂ በላይ*** ካብ ሽረ ከመፅእ 'ተሎ ***ፅባሕ*** ይብል ነይሩ። ኣነ ድማ ***ናጋ*** እብል ነይረ። ኣብ መቐለ ተራኺብና ምስተዓራረኽና ግን ኣነጋግራና ተቐያይርና። እሱ ***ናጋ*** ይብል፤ ኣነ ***ፅባሕ*** እብል" ኢሉ። ናብ ***ቴድሮስ ጂ በላይ*** ከምለስ ተለኹ ድማ ***ኣድሓኖም ሰረፀ*** ልበሃል ዓርኪ ኣለዎ። ኣድሓኖም ወዲ ***መዘጋ*** እዩ፤ ቴድሮስ ድማ ወዲ ሽረ። መዘጋ ብርሕቐት ኪሎ-ሜትር ንሽረ ትቐርብ። ቴድሮስይ ኣድሓኖምይ ግን ኣብ መቐለ እዮም ተራኺቦም። ሐዚ ቴድሮስ ኣድሓኖም ብተደጋጋሚ ይጥቀመላ ልነበረት "***ኣነ ዝብለካ***" እትብል ኣዘራርባ ተቐቢሉ ናይ ባዕሉ ገይሩዋ ኣሎ። መዘጋ ካብ ንሽረ ንመቐለ እያ ትቐርብ ለካ!

ማእኸሉ መቐለ ብልገበረ ባህሊ፡ ብላዛ መቐለ ልፍነው ፈነወታት ሓዊሱ፣ መፅሄታት፣ ጋዜጣታት፣ ካልኦት ፍርያት ሚድያታትይ ብምድጋፍ ባህላዊ ብዙሕነት ትግራይ ክውከሉ ምግባር፡ ንልተፈላለዩ ኣረኣእያታት መድረኻት ይህብ ጥራሕ ለይኮነስ ኹሎም ድምፅታት ክስምዑይ ኣብቲ ብሄራዊ መልክዕ ንኹሉ ልሓቑፍ ግቡእ ባህላዊ ውክልና ምህላውይ የረጋግፅ።

## ኣብ ክለሳ እቲ ሓዱሽ ካሪኩለም ንላዛ መቐለ ትኹረት ምሃብ ለለዎ ፋይዳ

*ካብ ብዙሕነት ላዛታት ልፍጠር ወጥሪ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ስኒት ዘለዎ ሕብረተሰብ ንምህናፅ፡ ስርዓት ትምህርቲ ትግራይ ክለሳ ክግበረሉ ምግባር ወሳኒ ስጉምቲ እዩ። ላዛ መቐለ ሃም መማእኸሊ ትምህርቲ እቲ ሓድሽ ስርዓት ትምህርቲ ምግባር ድማ ነዞም ብድሆታት ልምፍታሕ ልሕግዝ ኣድማዒ ኣገባብ እዩ።* እዚ ኣገባብ ካብ ስእነት ግቡእ ውክልና ልምንጩ ቂምታ ብምቅላል ዝያዳ ንኹሉ ልሓቑፍይ ልተዋደደይ ሃዋህው ትምህርቲይ ይፈጥር።

ብቐዳምነት ኣብ ውሽጢ ትግራይ ንዘሎ ብዙሕነት ቋንቋይ ባህልይ ኣፍልጦ ልህብይ ዋጋ ልህብይ እዩ። እዚ ኣገባብ ትምህርታዊ መስርሕ ኾይኑ እንትመፅእ፡ ተምሃሮ መበቆላዊ ላዛኦም ብማዕረ ተወኪሉ ክርእዩ የኽእሎም። እዚ ድማ ባህላዊ ሓበንይ ስሚዒት ሓበራዊ መንነትይ የዕቢ። ኣብ መንጎ ልተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ባህላዊ ምልውዋጥ የዕቢ። ንልተፈላለዩ ባህላዊ መግለፂታት ልሓሽ ርድኢት፣ ኣድናቖትይ ምቕባልይ ይፈጥር። ***ኣብ ኣላማጣ ዝመሃር ንእሽተይ ቖልዓ ምስቲ ኣብ ሑመራ ዘሎ መሓዝኡ ስሚዒታዊ ምትእስሳር ይፈጥረሉ።*** ካብ ህፃንነቶም ኣትሒዙ ዝቕረፅ መኸዘን ሓበራዊ ተዘክሮ ይህልዎም። ብሓበራዊ ፅውፅዋያዊ ዛንታታት ልቕረፅ ሓበራዊ ንቕሓት ይህልዎም። ኣወንታዊ ባህላዊ መንነት የስፋሕፍሕ፤ ስምዒታት ምግላል የጥፍእ። ውፅኢታዊ ርክብይ ምርድዳእይ መምሃሪ ክፍሊ የምፅእ። ተምሃሮ ምስ መዓልታዊ ህይወቶም ብዝፈልጥዎም ኣብነታት ክምሃሩ ተለዉ፡ ምስቲ ርእሰ-ጉዳይ ዘለዎም ምርዳእይ ምትእስሳርይ ይዓቢ። ብንጥፈት ክሳተፉ፣ ሕቶታት ናይ ምሕታትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ትሕዝቶ ዝዓሞቐ ርድኢት ክህልዎምይ ስለ ለኽእሎም ናብ ልተመሓየሸ ውፅኢት ትምህርቲ ይመርሕ።

ላዛ መቐለ ሃም መመእኸሊ ትምህርቲ ምቕባል፡ ነቲ ናይ ላዛ ፍልልያት መዝሚዘም ፅልኢይ ለይምስምማዕይ ክለዓዕሉ ልደልዩ ተፃባእቲ መጫወቲ ሜዳ የስእኖም። ምፍልላይይ ክዘርኡ ልደልዩ ተፃባእቲ ልገብርዎ ፃዕሪ የዳኽም።

እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ *ካብ ልተፈላለየ ድሕረ ባይታ ላዛ ለለወን ከባቢታት ልመፁ ተምሃሮ ኣብ ናይ ሓባር ትምህርታዊ ተመክሮ ስለልተኣኻኽቡ፡ ሓድነት የስፍሕ፣ ምርድዳእ የጎልብት፣ ምክብባርይ ምትሕፉፏቕይ የዕቢ።*

ብለይካ'ቶም ኣብ ላዕሊ ልቐረቡ ነጥብታት፡ ኣፍልጦ ላዛ ሜትሮፖሊታን መቐለ፡ ኣብ ትግራይ ላዛዊ ብዙሕነትይ ባህላዊ ውክልናይ ንምድንፋዕ ልዓለመ ጉዳይ ዝያዳ ከደልድሉ ልኽእሉ፡ ኻልኦት ሓያሎ ነጥብታት እውን ኣለዉ።

**<u>1. ምዕቃብይ ምሕዳስይ ባህሊ:-</u>** ላዛ መቐለ ነቲ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ለሎ ልተፈላለዩ ባህላዊ መግለፂታት ብምውካል፡ ባህላዊ ልምድታት፣ እምነታትይ ኣሰራርሓታትይ ኣብ ምዕቃብይ ምሕዳስይ ኣበርክቶ ክህልዎ ይኽእል እዩ። በዚ ላዛ ኣቢልኻ ሃብታም ቅርሲታት ትግራይ፡ ናብ መፃኢ ወለዶታት ንምትሕልላፍ ቀሊል ይገብሮ።

**<u>2. *መንነታዊይ ማሕበራዊይ ምትእስሳራት:-*</u>** ላዛ መቐለ ሃም ሓደ መጠርነፊ ላዛታት ትግራይ ገይርኻ ብምጥቃም፡ ኣብ ምድልዳል ሓበራዊ መንነትይ ማሕበራዊ ምትእስሳርይ ወሳኒ ተራ ይፃወት። ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ለሎ ሓበራዊ መንነት፣ ሕድሕዳዊ ምድግጋፍይ ስሚዒት ሓበራዊ ዕላማይ የዕቢ። ስምዒት ሓበራዊ ታሪኽይ ታሪኻዊ ተመኩሮታትይ የጠናኽር።

**<u>3. ግቡእ ውክልና :-</u>** ቋንቋ መሳርሒ ርክብ ደቂ-ሰባት ጥራሕ ለይኾነስ፡ መግለፂይ መሳርሒይ ብርትዐይ ዓቕሚይ እውን እዩ። ኣብ ውሽጢ ትግራይ ለለዉ ልተፈላለዩ ላዛታት ብምልላይይ ዋጋ ብምሃብይ፡ ነዞም ላዛታት ልዛረቡ ውልቀሰባት ብቋንቋዊ ውርሻኦም ዓቕሚ

ልረኽቡሉ፣ ስራሕ ልቐፀርሉይ ልሕበኑይ ኾይኖም ክስምዖም ኣለዎ። ብግቡእ ውክልና ልህነፅ ዓቕሚ፡ ኣብ ኣባላት ማሕበረሰብ ርእሰ-ምትእምማን ይውስኽ። ኣብ ውሽጢ ብሄራዊይ ባህላዊን ውክልይ ንፅረት ይፈጥር።

**4. ፍትሒ ኣጠቓቕማ ቋንቋ፦** ቋንቋ ምስ ኻልኦት መዳያት መንነት ከም ብሄር፣ ሃይማኖትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ኹነታትይ ልኣመሰሉ ብምትእስሳር፡ ላዛዊ ብዙሕነት ምድንፋዕ ኣገዳሲ ነጥቢ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ። ኹሎም ላዛታት ትግራይ ማዕረ ኣፍልጦ ብምሃብይ ብምኽባርይ፡ ኹሎም ድምፅታት ልስማዕሉይ ልኽበርሉይ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ንኽህሉ ኣበርክቶ ይገብር።

## *ሃም መደምደምታ*

ዝርገሐ ዓብለልቲ ኣህጉራውያን ቋንቋታት፣ ምስ ምዕባለታት ቴክኖሎጂ፣ ከተማነትይ ስደትይ ተደሚሩ፡ ሃም ትግርኛ ልልበሉ ቋንቋታት ዓብዪ ሓደጋ ህላወ ሃም ለስዕበሎም ይግመት። ቋንቋ ትግርኛ ልዞም ኣብ ቕድሚኡ ተጋሕቲኖም ለለው ፀገማት ንምፍንፃሕ፡ ላዛ መቐለ ሃም መማእኸሊ ስርዓተ ትምህርቲ ተቐቢሉ፡ ብድሆታት ሸጊሩ ቐፃልነቱ ከረጋግፅ ይኽእል እዩ ልብል ሓሳብ፡ ዋና ነጥቢ እዙ ፅሑፍ እዩ።

እዚ ኣገባብ ልትግርኛ ልዕቅብ ጥራሕ ለይኾነስ፡ ካብ ልተፈላለየ ድሕረ ባይታ ላዛ ልመፁ ተምሃሮ፡ ሓድነት፣ ምርድዳእይ ምክብባርይ ክህልዎም ይገብር። ካብ ኹሎም ከባቢታት ትግራይ ተወፃፂኡ እተሰርሐ ላዛ ስለልኾነ፡ ተምሃሮ ምስ ነብሶምይ ከባቢኦምይ ከዛምድዎ ይቐሎም። እዚ ድማ ልሐሸ ተሳትፎ ተምሃሮ፣ ልበለፅ ርድኢት፣ ልልዓለ ውፅኢት ትምህርቲ ክህሊ ይገብር። እዚ መፍትሒ ካብ ብዙሕነት ላዛይ ባህላዊ ውክልናይ ልፍጠር ወጥሪ ንምፍታሕ ወሳኒ ስጉምቲ እውን እዩ። እዚ ኣገባብ ግቡእ ውክልናይ ንኹሉ ልሓቁፍይ ዕድል ልህብ ጥራይ ለይኾነስ፡ ንፈላላይቲ ሓይልታት ብምምካት፡ ስኒት ለለዎ ሕብረተሰብ ለማዕብል እዩ።

*ነዊሕ እዋን ኾይኑ ካብ ዓደይ ተፈልየ*

*ለዕበየትኒ ኣዶ ሃመ ላ መቐለ*

*ለዕበየትኒ ወለሎ*

*ተናፋቒትያ ዓደየ ለይትምኖ*

*ዓደየ ትግራይ ሃመይ ኣላ*

*ዜማ ናፍቖት ከዚመላ*

*እዛ ወለላ*

*ወሊቃይት ሑመራ ኦሆሆ ማይ-ሳግላ እድሪስ*

*ሙህሮይ ጥላሁን ግዛው ሜዳይ ሰውሒ ንጉስ*

*ሃኒፀ ክሪኦም ትርካን ወራዕትለ*

*ክሳብ ልመፀኪ ተሃዊኸ ኣነ*

*ማይ-ፀብሪ ማይ ተመን ሕለት ሳምረ መንደር*

*ሎሚስ ናፊቐዮ ማይ-ፀብሪ ምስ ሽግሊል*

*ጋርጃለ ሓሊፈ ኣላማጣ ዜሮ ኣርባዕተ*

*ለዕበየኒ መሬት ጥሙጋ ጠሚተ*

*ኦሆሆ ኢድያቦ ኦሆሆ ችቦ ቓልሲ ልወለዐ*

*ምስ ፍርፍራ ዛና ትምዕብል መቐለ*

*ምምላሰይ ኣይተርፍይ ኾሊለ ኾሊለ*

*ላባኺ መቐለ*

*ለዕበየትኒ ወለሎ*

*ተናፋቒትያ ዓደየ ለይትምና*

*ዓደየ ትግራይ ሃመይ ኣላ*

*ዜማ ናፍቖት ከዚመላ*

*እዛ ወለላ*

*ለዕበየኒ ሩባ ገረብ ማይ ኣብዓላ*

*ሰላም ንወጋየ ንመይዳታት ካላ*

*ዓደይ ናፈቐያ ቐልበይ 'ውን ሂበያ*

*ዛላምበሳ ደውሃን ኮላይ ጎናይ ዳዕሮ*

*ሰሰላ ማይ ካድራ ኽፉእ ኣይርከቦ*

*ይረኣየኒ ኣሎ ኮረም ዓዲ ረመፅ*

*ዓይጋ እነትለዓል ኣካለይ ይርበፅ*

*ብመኾኒ ኺይድኻ ትርካን ኸመይ ኣላ*

*ዳንሻ ሓድስ ቅኚ ባንድራ ዓብየላ*

*ሩዋሳ ኢደባይ ሆሆሆይ ኮላይ ሽምበሊኖ*

*ሓመሳ ትውዕለሉ ተከዘዶ ዶ ይሙኖ*

*ምምላሰይ ኣይተርፍይ ኾሊለ ኾሊለ*

*ላባኺ መቐለ*

*ለዕበየትኒ ወለሎ*

*ተናፋቒትያ ዓደየ ለይትሙኖ*

*ዓደይ መቐለ ሃመይ ኣላ*

*ዜማ ናፍቖት ከዚመላ*

*እዛ ወለላ ....*